# ቛንቛን ምውህሃድን

ምውህሃድ
ቀረባት ምውህሃድ
ቋንቋ
ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ

# ምውህሃድ

ወጻእተኛታት ኣብቲ ዝጽምበርዎ ሕብረተሰብ ንክወሃሃዱ ትጽቢት ይግበረሎም። ምስዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ፡ ሕግታት ክኽተሉ፡ ቁጠባዊ ትሕዝትኦም ብገዛእ ርእሶም ከማዕብሉን ሓደ ካብ ወግዓውያን ቋንቋታት'ቲ ዘለውዎ ከባቢ ክመሃሩን ይግደዱ።

## መሰረታውያን መምርሒታት

ኩሎም ነበርቲ ስዊስ፡ ንቅዋም መንግስቲ ከኽብሩ ይግባእ። (ንኣብነት ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን) ንዝኣመሰለን ካልእን ሕጊ ክግዝኡ ኣለዎም። ብተወሳኺ፡ ብዝተኻእለ መጠን ነበርቲ ብቁጠባ ነብሶም ክኽእል ትጽቢት ይግበረሎም። ብተመሳሳሊ፡ ወጻእተኛታት ነበርቲ ስዊዝ ወግዓዊ ቋንቋ ዝነብረሉ ከባቢ ክመሃሩን ክፈልጡን ይግደዱ። ምውህሃድ ክዕወት ትጽቢት ዝግበረሉ፡ ክልቲኦም ወገናት ጻዕሪ ወይ ንጥፈት ምስዘካይዱ እዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ዜጋታት'ዛ ሃገር ግሉጽነት ክህልዎም ብወጻእተኛታት ትጽቢት ዝግበረሎም።

## ውልቃዊ ሓላፍነት

መንግስቲ፡ ካንቶንን ምምሕዳር ከባብን ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ወጻእተኛታት፣ ብስሩዕ ተጠቀምቲ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምኽኖም የረጋግጹ ። ወጻእተኛታት ነበርቲ'ቲ ከባቢ ዝኾኑ ከኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ወሲዶም ንክወሃሃዱ ክጽዕቱ ኣለዎም። ነቲ ዝወሃቦም ኣቕርቦት ወይ ዕድል ብዝግባእ ክምዝምዝዎን ክረብሑሉን ኩሎም ሰብ መዚ ትጽቢት ይገብሩ።

## ተሳትፎ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት

ክለባት ወይ ማሕበራት ስዊዘርላንድ ምስ ሕብረተ ሰብ ንክትውህሃዱን ሰባት ክትላለዩን ጽቡቕ ዕድል ይፈጥራ። ብተወሳኺ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝግበር በዓላትን ኣጋጣሚታትን ሰባት ንኽትረኽቡ ንክትላለዩን መንገዲ ይኸፍታ። እንተኾነ ኩሎም ነበርቲ ስዊዝ ምስ ናይ ወጻኢ ባህልን ልምድን ሌላ ንኽህልዎም ዘለዎም ድልየት ሓደ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ሓደሓደ ግዜ ምቕሉል ምኺንን ዘይምሕላልን የድሊ።

## ሓበሬታ/ ደገፍ

ኣብ ካንቶን በርን ንሓደስቲ ሰፈርቲ ሐበሬታ ዝህቡ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ኣለዉ። ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ እቲ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ'ዩ። ብተወሳኺ ብፍሉይ ንስደተኛታት ሓበሬታ ዝህቡ መወከሲ ቦታታት ኣለዉ። ኣብ ካንቶን በርን ኣርባዕተ መወከሲ ቦታታት ወይ ንቁጣታት ምውህሃድ (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ኣለዉ። እዚኣቶም ብዛዕባ ናብራ ስዊዝ ሓብሬታ ይህቡን ካልእ ዝተፈላለየ ሕቶታት ይምልሱን። ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ክዛረቡ ዝኽእሉ ተርጎምቲ ከምጽኡ ይኽእሉ ወይ ክቕረቡሎም ይሓቱ። እዞም መወከሲ ቦታታት ብኻልኦት ቋንቋታት'ውን ሓበሬታ ይህቡ'ዮም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/language-and-integration/integration

# ቀረባት ምውህሃድ

ምውህሃድ ብቀንዱ ኣብ ቤት ትምህርትን ቦታ ስራሕን'ዩ ዝርከብ። እንተኾነ ነቶም ነዚ ዕድላት እዚ ዘይረኸቡ ዝኸውን ዕድላት ኣቅርቦት ምውህሃድ'ውን ኣሎ።

## ፍሉያት ቀረባት

ኣብ ስዊዝ ዝነብሩ ወጻእተኛታት፡ ምስ ሕብረተሰብ ስዊዝ ንክነብሩን ጽቡቕ ምቅርራብ ንኽህልዎምን ዝሕግዝዎም፡ ብርክት ዝበሉ ፍሉያት ዕድላት ኣቅርቦት ኣለዉ። መኣዲ ዕላል፡ ኣብ ነጻ ግዜ ዝካየድ መደባት ምዝንጋዕ፡ ኣስተምህሮታትን ስለጠናታትን ገለ ካብኣቶም'ዮም። መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ምውህሃድ (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ወይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይህቡ። ብዙሓት ኣብያተ ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢታት፡ ሓደስቲ ነበርቲ ናይ ምቕባል ኣጋጣሚ ይገብሩ። እዚ ከእ ፈላሚ ጦብላሕታ ንምርካብ ዝሕግዝ ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ዩ።

## ማሕበራት

ኣዝዮም ብዙሓት ነበርቲ ካንቶን በርን፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ወይ ክለባት (Verein | Association) እዮም።ንዝተፈላለዩ ድልየታት ዝዓለማ ማሕበራት ወይ ክለባት ኣለዋ። ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳር ከባቢታት ከይተረፈ፡ ናይ ስፖርት፡ ናይ ባህልን ካልእን ማሕበራት ኣለዋ። እዚእተን ማሕበራት፡ ኣጋጣሚታት ብምፍጣር፡ ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ ዕድላት ይፈጥራ። መብዛሕተኣን ማሕበራት ንኩሎም ሰባት ክፉታት እየን። ነዘን ማሕበራት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።.

## ትካላት ስደተኛታት

ብቋንቋ፡ መበቖል ዓዲ ወይ ሃይማኖት ዝተወደባ ስደተኛታት ባዕሎም ዝመስረትወን ዝተፈላለያ ማሕበራት ኣለዋ። መብዛሕትኡ ግዜ እዘን ማሕበራት ንኣባላተን ብዛዕባ ምውህሃድን ናብራን ዝምልከት ምኽሪ ይህባ። ንኣባላተን ከኣ ኣብ ስዊዝ ብፍላይ ከኣ ኣብ ካንቶን በርን ሓደስቲ ምስዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይገብራ።

## ዕድላት ኣቅርቦት ንመንእሰያት

ኣብ ካንቶን በርን፡ መንእሰያት ነጻ ግዚኦም ዘሕልፉሉን ምስ መዛንኦም ዝላለዩሉን፡ ብዙሓት ፍሉያት ዕድላት ኣቅርቦት ኣለዉ። ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት፡ መራኸቢ ማእከላትን ነጻ ግዜ ተሕልፈሎም ቀረባትን ኣለዉ። ኣብ'ዚ መንእሰያት ሓሳባቶምን ፈጠራውነቶምን ንከርእዩን ፕሮጀክትታት ንክገብሩን (Jugendarbeit | Animation de jeunesse) ይተባብዑ። እዞም ቀረባት ከም ልሙድ ብነጻ ይወሃቡ። ማሕበራት መንእሰያት፡ መንእሰያት ምስ መዛንኦም ንጥፈታት ንምክያድን ኣብ ናይ ደገ/ተፈጥሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንኽዋስኡን ይሕግዝ። ነዞም ቀረባት ዝህቡን ሓላፍነት ዝስከሙን፣ ማሕበራት፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢን ኣብያተ ክርስትያናትን እዮም። እዞም ቀረባት ንኩሎም መንእሰያት ክፉታት እዮም። ዝያዳ ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ክርከብ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/language-and-integration/integration-programmes

# ቋንቋ

ኣብ ካንቶን በርን፡ ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ዘይዛረቡ ነበርቲ፡ ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ክመሃሩ ትጽቢት ይግበረሎም። ምኽንያቱ ኣፍልጦ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰብን ስራሕ ዓለምን ንምውህሃድ ቀንዲ ረቋሒ'ዩ።

## ወግዓውያን ቋንቋታት

ስዊዘርላንድ ኣርባዕተ ወግዓውያን ቋንቋታት ኣለዋ፦ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ጣልያን፡ ሬትሮማን። ካንቶን በርን ክኣ ጀርመንን ፈረንሳን ወግዓውያን ቋንቋታታ'ዮም።

## ወግዓዊ ቋንቋ ጀርመን / ስዊዛዊ ቋንቋ ጀርመን

ኣብ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ወገን ስዊዘርላንድ፡ ንቋንቋ ጀርመን፣ ወግዓዊ ቋንቋ ጀርመንን (Hochdeutsch | l'allemand standard) ስዊዛዊ ቋንቋ ጀርመንን (Schweizerdeutsch | le suisse allemand) ኢሎም ይፈላልይዎም። ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ገለ መደባት ሬድዮን ቴሌቭዥንን ወግዓዊ ቋንቋ ጀርመን ይጥቀሙ። ጽሑፋት'ውን ብወግዓዊ ቋንቋ ጀርመን'ዮም። ስዊዛውያን ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ስዊዛዊ ቋንቋ ጀርመን ይጥቀሙ። እዚ ስዊዛዊ ላህጃ'ዚ ወላ እቶም ንቋንቋ ጀርመን ጽቡቕ ዝመልኩ ክርድእዎ የጸግሞም'ዩ። ወጻእተኛታት ነበርቲ ስዊዘርላንድ ንስዊዛዊ ቋንቋ ጀረመን ክዛረቡ ትጽቢት ኣይግበረሎምን። ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ግን ክርድእዎ ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ ንስዊዛውዛን ነቲ ወግዓዊ ቋንቋ ጀርመን ክዛረቡ ክሕተቱ ይከኣል'ዩ።

## ቋንቋን ቆልዑን

ተዛረብቲ ካልእ ቋንቋ ዝኾኑ ቆልዑ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም፡ ምስ ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ወይ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ ዝኾኑ ቆልዑ ከም ዝጽምበሩን ዝላለዩን ክግበር ይግባእ። ጉጅለታት ጸወታን ፍሉያት ዕድላት ቀረብ ምትእኽኻብ ወለድን ቆልዑን ነዚ ኣብ ምትግባር ዝሕግዝ'ዩ። ወለዲ'ውን ብግዲኦም ምስ ደቆም ብምዝራብን ብምስማዕን ዛንታታት ብምትራኽን ክሕግዝዎም ይኽእሉ። በዚ እቲ ንዕም ዝኽእልዎ ቋንቋ ከም ተወሳኺ ክገብርዎን ደቆም ንኽመልክዎን ተራ ይጻወቱ።

## ምትርጓማት

ሰባት ቀጥታ ስዊዘርላንድ ምስ ኣተዉ፡ ሽዑ ንሽዑ ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ክርድኡን ክዛረቡን ትጽቢት ዝግበረሎም ኣይኮነን። እንተኾነ ክረዳድኡ ከም ዘለዎም ዘገድድ ኩነታት ኣሎ። ብዙሓት ሓደስቲ ሰፈርቲ ንኣዝማዶም ወይ ንፈልጥቶም ክትርጉምሎም ይሓቱ። ዝተሓላለኹን ብምስጢር ክትሓዙ ዘለዎም ጉዳያትን ንምዝርራብ ኣብ ዝድለየሉ፡ ክኢላታት ተርጎምቲ ከምጽኡ ይድለ። ባህልን ልምድን ዝፈልጡን ኣብ'ዚ ጉዳይ ፍሉይ ክእለትን ተሞክሮን ዘጥረዩን ተርጎምቲ ከኣ ተመረጽቲ እዮም። ኣብ ካንቶን በርን፡ ኣብ ምጽሓፍ ደብዳቤን ምምላእ ቅጥዕታትን ዝሕግዙ፡ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎታት (Schreibdienst | le service de correspondance) ኣለዉ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/language-and-integration/language

Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ

ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ብትኽክል ንኽትመሃሩ፡ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ክትሳተፉ የድሊ። ትምህርቲ ቋንቋታት ካንቶን በርን ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዎምን ምስ ህሉው ኩነታት ዝጐዓዙን'ዮም።

## ኣቕርቦት/ዕድላት

ኣብ ካንቶን በርን ዕድላት ምምሃር ቋንቋታት ዝኸፍታ ትካላት፡ ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብ ግምት ኣእቲየን የዳልዋ። ገለ ኣቕረብቲ፡ ትካላት ንግዲ ክኾና እንከለዋ፣ ካልኦት ከኣ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ወይ መንግስታውያን'የን። ፊደላት ላቲን ዘይተማህሩ ሰባት ኣብ ትምህርቲ ምጥፋእ መሃይምነት(Alphabetisierungskurs | Cours d'alphabétisation) ክምሃሩ ይኽእሉ። ቅድሚ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ምስታፍኩም፡ ንዓይነትን ዋጋን እቲ ትምህርቲ ሓብሬታ ክህልወኩም ኣለዎ። ህጻናት ንዘለወን ኣዴታት ዝወሃብ፡ ንኣደን ህጻንን ቋንቋ ዘምህር፡ ፍሉይ ኣገልግሎት ዝወሃበሉ'ውን ኣብ ብዙሕት ምምሕዳር ከባቢታት (MuKi-Deutsch | Cours de français mère-enfant) ኣሎ። መወከሲ ቦታታት/ንቑጣታት ምውህሃድ ካንቶን (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ወይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር፡ ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ።

## ደረጃ ምልከት ቋንቋ

ከም መምዘኒ ደረጃታት ምልከት ቋንቋታት ጀርመንን ፈረንሳን፡ ን"ኤውሮጳዊ ሓባራዊ መወከሲ" (GER) ይጥቀመሉ። ሽዱሽተ ብቕደም ተኸተል ዝስርዑ ደረጃታት ምልከት ቋንቋ፡ ካብ መባእታዊ ወይ መሰረታዊ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ "A1"፡ ክሳብ C2 (ኣዝዩ ዝነኣድ ምልከት ቋንቋ) ተባሂሎም ይስርዑ። ደረጃታት ምልከት "A1" ን "A2"ን፡ መሰረታዊ ደረጃ ኣፍልጦ ቋንቋታት ጀርመን ወይ ፈረንሳ እዮም ዝበሃሉ። እቶም ተቐባልነት ዘለዎ ሞያዊ ስልጠና ክወስዱ ዝደልዩ፡ ደረጃ ምልከት ቋንቋኦም "B1" ወይ "B2" ክኸውን ኣለዎ። ደረጃ ምልከት "C1" ን "C2"ን፡ ንልዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ከም ዩኒቨርሲቲ ዝኣመሰለ ንኽትመሃሩ ክማላእ ዘለዎ'ዩ።

## መርጋገጺ ክእለት ቋንቋ

ቋንቋ ወጻኢ ዝዛረቡ ስደተኛታት፣ ዜግነት ንኽወሃቦም፡ መንበሪ ፍቓድ ንኽሕደሰሎም ወይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ንኽወሃቦም ወይ'ውን ጉዳይ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ንኸሳልጡ ክእለት ሃገራዊ ቋንቋኦም ከረጋግጹ ኣለዎም።

## ምወላ ወጻኢታት መምሃሪ

ወጻኢታት መምሃሪ ቋንቋ እቶም ዝመሃሩ ባዕሎም ክሽፍንዎ ይግባእ። ንነፍሲ ወከፍ ደረጃ ዘድሊ ክፍሊት ስለ ዝፈላለ፡ ንዘሎ ኣቕርቦት ምንጽጻርን ዘዋጽእ ምምራጽን ኣገዳሲ'ዩ። እንተኾነ ገለ ገለ ስልጠናታት፡ ብካንቶን በርን ወይ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ/ከባቢ ስለ ዝምወሉ፡ ብተዛማዲ ርትዓውያን'ዮ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/language-and-integration/learning-german-or-french